# ደምዳሚ ኣዋጅ ኮንፈረንስ፥

ብዝተፈላለዩ እዋናውን ስትራተጂካውን ጭርሖታት ማዕሪጉ ክሰላሰል ዝቐነየ፡ ኮንፈረንስ ኣባላት ሰውራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ፡ ብዓወት ተዛዚሙ። ካብ ዕለት 04 ክሳብ 06 ታሕሳስ 2008 ዝተሰላሰለ ኮንፈረንስ ኣባላት ሰደግኤ፡ ኣብ ህልው ፖሎቲካዊ ኩነታትን፡ ገምጋም ሓድነታዊ ተሞኩሮ ውድብና ሰደግኤን ሰፊሕን ዓሚቕን ምይይጥ ኣካይዱ።

ኮንፈረንስ፥- ህልዊ ዓለማዊ፡ ዞባውን ከባብያውን ኩነታት ንዲሞክራስያዊ ቃልስና ዘለዎ ጽልዋ ብሓፈሻ፡ ኩነታት ሃገርና ከኣ ብፍላይ ዓብይ ቱኽረት ሂቡ ተመያየጠ። ኣብ ክሊ ሃገራዊ ኩነታትና፡ ብፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳያስ፡ ሃገርናን ህዝብና ብሓፈሻ: መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ከኣ ብፍላይ፡ ቀንዲ ግዳይ ሕሱም ድኽነት፡ ኩሉ መዳያዊ ግፍዕን ዓፈናን ኮይኖም ኣብ ዝርከበሉ እዋን፡ ተሳትፎኦም ኣብ ዲሞክራስያዊ ቃልሲ ኣዝዩ ድሩት ዝኾነሉ ምኽንያት እንታይ ምዃኑ ንምልላይን፡ መፍትሒ ሓሳባት ንምቕማጥን ዝሰፍሐ ጊዜ ሂቡ ዘትዩ። መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ሃገርና ኣብ ዲሞክራስያዊ ቃልስና ዘርእዩዎ ዘለዉ ዓብይ ብኩራት ቀንዲ ምኽንያት፡ ስእነት ብቑዕ ኣመራርሓ ሓይሊ ተቓውሞ ምዃኑ ብምእማን፡ ኣብ ምፍትሑ ምስ መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ተቐራሪቡ፡ ናይ ቃልሲ ተሳትፎኦም ክብ ዝብለሉ ኩነታት ንምጥንኻር ውሕሉል ጻዕርታት ክካየድ ወሲኑ። ኣገደስቲ ናይ ቃልሲ ኣንፈታት ከኣ ሓንጺጹ።

ኮንፈረንስ፥- ከም ቀንድን ማእከላይን ኣጀንዳኡ ርእዩ ዝዘተየሉን ዝሰፍሐ ጊዜ ዝወሰደሉ ዛዕባ፡ ገምጋም ሓድነታዊ ጉዕዞና ዝሓለፎ መስርሕ፡ ዘጋጠሙዎ ፍሽለታትን መንቀሊታቶምን ዘትኮረ እዩ። መሪሕነት ውድብና ብሓፈሻ፡ ፖሎቲካዊ ቤት ጽሕፈትና ከኣ ብፍላይ፡ እኹል መጽናዕቲ ዘይተኻየደሉን ጽፉፍ ቅድመ ምድላው ዘይተገበረሉን ስምምዕ ስምረት ምእታዉ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ኣብ ፖሎቲካዊ እምነታቶም መሰረታዊ ፍልልይ ዘለዎም ውድባት፡ ናብ ሓደ ውድብ ክመጹ ይኽእሉ እዮም ኢሉ ምብጋሱ፡ ቀንዲ መንቀሊ፡ ንውድብና እናጋጠሞ ዝመጸ ሓርጎጽጎጽን ፍሽለትን ምዃኑ ኣስሚሩሉ። ሕቶ ሓድነት ሓይሊ ተቓውሞ ሃገርና ቁልፊ ሕቶ ህዝብና ምዃኑ ዝተገንዘበ ኮንፈረንስ፡ ፍርያት ዘለዎን ኣድማዕን ሓድነት ንምርግጋጽ፡ ኣብ መሰረታዊ እምነታት ዝተሰረተ፡ እኹል መጽናዕትን ምድላውን ዝተኻየደሉ ክኸውን ከምዝግባእ ኣጽንኦት ሂቡ ኣቐሚጡ። ካብ'ዚ ወጻኢ ኣብ ድልየት ዝተመስረተ፡ ብሃውሪ ዝግበር ስምምዓት ሓድነት፡ ውጽኢቱ ፍሽለት ምዃኑ፡ ካብ ዝሓለፉ ዝምድናታት ሓይልታት ተቓውሞ ሃገርና ብተግባር ከምዝተረጋገጸ ገምጊሙ።

ኮንፈረንስ፥- ኣብ ፖሎቲካዊ ቻርተርን ውድባዊ ቅዋምን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዘለዎ ጽኑዕ እምነት ዳግም ብምርግጋጽ፡ ከም ወትሩ፡ ንዕማማት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ምዕዋት ብዓቕሙ ክቃለስ ወሲኑ። ኩሎም ተቓወምቲ ፖሎቲካዊ ውድባት፡ ሲቪክ ማሕበራት፡ መራሕቲ ሃይማኖትን ኣገደስቲ ሃገራውያን ባእታታትን ዘሳተፈ፡ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምስልሳል ኣብ ዝካየድ ቃልሲ እጃሙ ከበርክት ምዃኑ ደጊሙ ኣረጋጊጹ።

ኮንፈረንስ፥- ዕድመ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳያስ ብምሕጻር፡ ሓያል መተካእታ ንምዃን፡ ኣብ ሓባራዊ ፖሎቲካዊ እምነታት ተሰሪቶም ዝካየዱ ዘለዉ ናይ ውድባት ናይ ሓድነት ጻዕርታት እናደገፈ፡ ውድብና'ውን ኣብ መሰረታዊ ፖሎቲካዊ እምነታት ዝተመርኮሰ ዝተዋሃሃደ ዓቕምታት ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ተቓውሞ ንምጥንኻር ኣብ ዝካየድ ቃልሲ፡ ልዑል ጻዕርታቱ ከካይድ ወሲኑ። ኣብ ዝሓለፉ እዋናት፡ ኣብ ሞንጎ ህዝባዊ ዲሞራስያዊ እምነታት ዘለዎም ውድባት፡ ኣብ ኣሰራርሓ፡ ተሞኩሮን፡ ናይ ኣረኣእያ ፍልልያት ኣብ ምምሕዳር ዝተራእዩ ጉድለታት፡ ዘስዓቡዎም ካልኣዊ ግርጭታት፡ ብልዙብ ዲሞክራስያዊ ዘተ ንምፍትሖም ዘይተቐጠበ ጻዕርታት ከካይድ ወሲኑ።

ኮንፈረንስ፥- መላእ ኣባላት ውድብና ሰደግኤ፡ ውሽጣዊ ፖሎቲካዊ ቅልውላው ግሃድኤ ዲሞክራስያዊ መፍትሒ ክርከበሉ ዘካየዱዎ ዘይሕለል ጻዕሪ ብሓፈሻ፡ ኮንፈረንስና ንምዕዋት ብቑጠባ ንምድጋፉ

ዝገበሩዎ ውፉይ ኣበርክቶ ከኣ ብፍላይ፡ ዝላዓለ ሞገሱ ገሊጹ። ንመጻኢ'ውን ውድብና ሰደግኤ ሒዙዎም ዝወፍር መድረኻዊ ዕማማት ንምፍጻም፡ ኣብ መዳይ ርእሱ ኣኽእሎ ዘካይዶም ጻዕርታት፡ ኩሉ መዳያዊ ደገፋቶም ክቕጽሉ ጸዊዑ።

<u>ኮንፈረንስና</u>፦ ውድብና ሰደግኤ ናብ ንቡር ቦትኡ ይመለስዶ? ኣይመለስ? ኣብ ዝብል መቓጸሪ ሕቶ፡ ሰፊሕን ሓላፍነታውን ክትዕ ድሕሪ ምክያድ፡ ሰደግኤ ናብ ንቡር ውድባዊ ቦትኡ ተመሊሱ ህዝባውን ዲሞክራስያውን ቃልሱ ክቕጽል ወሲኑ። ስለዝኾነ'ውን ክሳብ 5ይ ውድባዊ ጉባኤና፡ ኣብ 4ይ ውድባዊ ጉባኤ ዝጸደቑ ሰነዳት፡ ፖለቲካዊ ፕሮግራም፡ ውድባዊ ሕገ-ህንጻን ፖለቲካዊ ውሳነታት ተማእዚዙ ክቃለስ ብሙሉእ ዕግበት ተቐቢሉ። ክሳብ 5ይ ውድባዊ ጉባኤና ኣብ ዘሎ እዋን ከኣ፡ ኣብ 4ይ ውድባዊ ጉባኤና ዝተመረጸ ማ/ሽማግለ፡ ኣብ ውሽጡ ዘድሊ ምትዕርራይ ገይሩ ውድብ እናመርሐ ከሰጋግር ከምዝቕበል ኣረጋጊጹ። ኣብ መደምደምታ፡ ኣገደስቲ ፖለቲካዊ ውሳነታትን መድረኻዊ ዕማማት ብምጽዳቕ፡ 5ይ ውድባዊ ጉባኤ ዝካየደሉ ሓጹር ጊዜ ብምንጻር፡ ንትግባረኡ፡ ሓላፍነት ንማእከላይ ሽማግለ ኣሸኪሙ ብዓወት ተዛዚሙ።

ቅኑዕ መስመርን ሓፋሽ ሒዝና ክንዕወት ኢና!
ዝኸርን ክብር ንስዉኣትና!!
ኮንፈረንስ ኣባላት ሰደግኤ
06 ታሕሳስ 2008